ምስጋር ካብ ቀዳማይ ደረጃ – ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ

ኣብ ስዊዘርላንድ ግቡእ ትምህርቲ 11 ዓመት እዩ ዝወስድ። እቲ ግቡእ ትምህርቲ ኣብ ቀዳማይ ደርጃን (ምስቲ ናይ 2 ዓመት መዋእለ ሕጻናት ሓዊስካ/መባእታ- ወይ መእተዊ ክፍሊ) ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃን እዩ ተመቓቒሉ ዝምደብ። ብዛዕባ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር ብትኽክል ከመይ ከም ዝሳለጥ፣ ኣብ መብዛሕትኤን ቤት ትምህርታት ዘለዉ መምሃራን ከምኡውን ሰብ መዚ ቤት ጽሕፈታት ንወለዲ ኣብቲ እዋን ናይ መወዳእታ ክፍሊ ይገልጹ እዮም።

ብቕዓት

ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ክሰግሩ ኽለዉ፣ እቶም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርእይዎ ብቕዓት ትምህርቲ፣ መጠነን ዝተፈላለያ ናብ ዝኾነ ደረጃታት ንኽምደቡ ወሳንነት ኣለዎ።

ደገፍ

መምህር ክፍሊ ቆልዓኹም፣ እቲ ብቕዳምነት መዛርብትኹም እዩ ከምኡውን ብዛዕባ ኣብ ማሕበር ምምሕዳር ዓድኹም ዘሎ ተወሳኺ ናይ ደገፉት ዕድላት ክሕብረኩም ይኽእል እዩ። ኣብ ማሕበር ዓድኹም ዘሎ ሓደ ውድብ እውን ክድግፈኩም ይኽእል እዩ።